# ድሕነት ህጻናት ኣብ ትራፊክ ሓላፍነት ናይ ዓበይቲ ኢዩ።



ወለዲ ናይ ተማሃሮ ህጻናት፡ 6-12 ዕድመ

NTF
ውሑስ ትራፊክ

www.ntf.se

# ተራኹም ከም ወለዲ ኣገዳሲ ኢዩ

**ሕብረተሰብናብቐጻሊ ይቀያየር ኣሎ። ከተማታት ይዓብያ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ መጐዓዝያ ይቀያየርን ትሕተ ቕርጺ ዳግም-ይህነጽን ኣሎ፣ ናይ ህጻናት ናይ ገዛእ ርእሶም ኣከባቢ ውን ከምኡ ይቀያየር ኣሎ። ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ህጻናት ብዙሕ ጽልዋ ደሊቦም ኢዮም፣ እዚ ማለት ተራ ናይ ወላዲ ቀጻሊ ይቕየር ኣሎ ማለት ኢዩ። እዚ ከምኡ ኢሉ እንከሎ ግን፣ ኣብ ውሕስነት ውላድኩም ኣብ ትራፊክ እትጻወትዎ ተራ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምኧኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።**

ንህጻናት ሓላፍነት ምሃብ ኣገዳሲ ኢዩ፣ እዚ ሓያላትን ርእሶም ዝኽእሉ ውልቀ ሰባትን ኮይኖም ንክዓብዩን ትርጉም ዘለዎ ውሳኔታት ምውሳን ንክመሃሩን የኽእሎም። እንተኮነ ግን፣ ንህጻናት ሓደ ዝኽእልዎ ደረጃ ሓላፍነት ምሃብ ውን ኣገዳሲ ኢዩ።

ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲ፣ እቲ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ከም ድሕነት ኣብ ትራፊክ ዝኣመሰሉ ሕብረ-ዲሲፕሊናውያን ዓውድታት ኣብቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃቡ ሓያሎ ዓይነታት ትምህርቲ ከም ዝኣትዉ ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዎ። ትምህርቲ ድሕነት ትራፊክ ካብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ናብቲ ካልእ ኣዝዩ ይፈላለ፣ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ድማ እንዳተቐያየረ ኢዩ መጺዩ። ቀደም፣ ቤት ትምህርታት "ህጻናት ሓላፍነት ናይ ድሕነቶም ንክወስዱ ኣብ ምምሃር" የተኩራ ነይረን። ሎሚ ግን እቲ ብቤት ትምህርታት ዝግበር ስራሕ፣ ንህጻናት ብዛዕባ ተኽእሎ ሓደጋታት ናይ ጽርግያ ኣብ ተሞክሮታቶምን ብስለቶምን ብምምርኳስ መንቋቋሕታ ንክረኽቡ ምሕጋዝ ኢዩ። ኣብ ብዙሕ ቤት ትምህርታት፣ እቶም ወለዲ ውን ኣብቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ጻዕርታት ይሳተፉ ኢዮም።

**ኣብ ክኢላታት ናይ ዓውዲ ድሕነት ህጻናት ኣብ ትራፊክ፣ ድሕነት ህጻናት ኣብ ትራፊክ ኩሉ ግዜ ሓላፍነት ናይ ዓበይቲ ምኧኑ ዕዙዝ ርድኢት ኣሎ። ንስኹም ከም ወላዲ መጠን ነዚ ክትዝክርዎ ኣገዳሲ ኢዩ።**

**ድሕነት ህጻናት ኣብ ትራፊክ ሓላፍነት ናይ ዓበይቲ ኢዩ!**




ስእሊ: Shutterstock/ Roland Magnusson

# ኣካላውን ኣምሮኣዊ ክእለታትን ጠለባትን።

**ዝበዝሑ ህጻናት ኣብ ትራፊክ በይኖም ክንዓዙሉዝኽእሉ ውሱን ዕድመ ምፍላጥ ከቢድ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።**

ምኽንያቱ እቲ ትራፊክ ዘለዎ ኣከባቢ ኣዝዩ ስለ ዝፈላለ፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ድማ ህጻናት ዝተፈላለዩ ስለዝኾኑ። ህጻናት ካብ 9-10 ዕድመ ምስ ኣብ ድሓን ዝኮነ ትራፊክ ዘለዎ ቦታ ናብ ቤት ትምህርቲ በይኖም ክኸዱ ይኽእሉ ኢዮም፡ ካብ 11-12 ዕድመ ምስ  ድማ ኣብ ትራፊክ ዘለዎ ቦታ ብብሽክለታ ክኸዱ ይኽእሉ ኢዮም ዝብል ልምዳዊ ገምጋም ኣሎ - እንተኾነ ግን ህጻናት ፈጺሞም በይኖም ክሓልፍዎ ዘይብሎም ትራፊክ ዘለዎ ቦታታት ኣሎ፡ ከምኡ ውንነኣሽቱ ህጻናት ውን ንቤት ትምህርቲ ብብሽክለታ ክኸዱሉ ዝኽእሉ ውሑስ፡ ድሕነት ዘለዎ፡ ዘይተቖራረጸን ናይ ብሽክለታ መንገድታት ዘለዎ ቦታታት ኣሎ። ካልእ ረቛሒ ድማ ህጻናት ኣብ ትራፊክ ምኳን ለሚዶሞ ‘ዶ ኣይለመድዎን ዝብል ኢዩ፡ በይንኻ ክትዝውር ምኽእል ብሓንሳብ ዝመጽእ ዘይኮነስ ልምምድን ተሞክሮን ዝሓትት ኢዩ።



ንኣሸቱ ህጻናት ብዛዕባ ጠንቂን ሳዕቤንን ብዙሕ ኣይፈልጡን ኢዮም። ህጻናት ኣብ ትራፊክ በይኖም ንክኾኑ ዘድልዮም ርድኢትን ተሞክሮን የብሎምን።

ብዙሕ ኩነታት ንምእላይ ከመሃሩ ይኽእሉ ኢዮም፡ ሙብዛሕቲኡ ግዜ ግን ምምዝዛን ይጎድሎም። ብዘይካ'ዚ ካብ 8-10 ዝዕድሚኦም ህጻናት ምሉእ ብምሉእ ርጉኣት ውን ኣይኮኑን። ሓደ መዓልቲ ኣብ ትራፊክ ውሑስ ዝኾነ ባህሪ ክርእዩይኽእሉ ይኽውን፡ ኣብቲ ዝቕጽል መዓልቲ ድማ ነቲ ትራፊክ ፈጺሙ ብዘይምስትብሃል ናብቲ ጎደና ደድሕሪ ኩዕሶ ክጎዩ ይኽእሉ።

ኣብ ዝሓለፈ እዋናት፡ ንነገራት ብኣጠማምታ ናይ ሓደ እኹል መራሕ ተሽከርካሪት ኢና ንርእዮም ኔርና፡ ንህጻናት ሕግታትን ትርጉም ናይ ምልክታት ጽርግያን ብምምሃር ብቐሊሉ ውሑስ ባህሪ ከም ዘርእዩ ክንገብሮም ንኽእል ኢና ኢልና ድማ ንሓስብ ኔርና። ሕጂ ህጻናት ትራፊክ ከመይ ኢሉ ከም ዝሰርሕ ንዘለዎም ርድኢት ከነመሓይሾ ከም ዘሎና ፈሊጥና ኣሎና። ብዙሓት ወለዲ ህጻናት ደቆም ጎደና ክሳገሩ እንከለዉ እንታይ ክገብሩ ከም ዘለዎም ይምህርዎም፡ “መጀመርታ ንጸጋም፡ ደሓር ንየማን ደጊምኩም ድማ ንጸጋም ረኣዩ።” እዚ ማለት ድማ እቶም ህጻናት ካብ ንኡስ ዕድሜኦም ኣትሒዞም ጎደና ወይ ጽርግያ ክሳገሩ እንከለዉ እንታይ ክገብሩ ከም ዘለዎም ይፈልጡ ማለት ኢዩ፡ ግን ስለምንታይ ከምኡ ከምዝገብሩ ዘይክፈልጡ ይኽእሉ ኢዮም፡ እዚ ድማ ንክርስዕዎ ቀሊል ይገብሮ።

ናይ ህጻናት ቁመትን ንኣከባቢኦም ንክግምግሙ ዘለዎም ድሩት ክእለትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ናይ ትራፊክ ኣከባቢ ሙብዛሕቲኡ ግዜ ብናይ ሓደ ህጻን ኣጠማምታ ንክትርድኦ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ኢዩ። ብካልእ ኣዘራርባ፡ ህጻናት ምስቲ ፈጢርናዮ ዘሎና ዝተሓላለኸ ናይ ትራፊክ ኣከባቢ ክኺዶም ዝኽእል ኣካላዊን ኣእምሮኣዊን ክእለት ይጎድሎም ኢዩ። እንተሓሲብናዮ እኮ፡ እቲ ኣብ ሓደ መሳገሪ ኣጋር ዝርከብ ንእሽቶ ቀጠልያ ሰብኣይ እኮ ክትሳገር ከም እትኽእል ኢዩ ዘርኢ። እቲ ቀጠልያ ሰብኣይ ተወሊዑ እንከሎ መካይን ብእኡ ክሓልፉ ዝኽእላ ምዃነን ንሓደ ህጻን ምሉእ ብምሉእ ዘይስነመጎታዊ ኢዩ።

ብቐሊሉ ንሓደ ጎደና ምስጋር ብዙሓት ህጻናት ክገብርዎ ዘይክእሉ ሓያሎ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ነገራት ኣሎ። ህጻናት ደቀቕቲ እኹላት ሰባት ኣይኮኑን፡ ህጻናት ህጻናት ኢዮም! ህጻናት ድማ...

...ዕድሜኦም 15-16 ክሳብ ዝበጽሕ ምሉእ ብምሉእ ዝማዕበለ ወሰናዊ ናይ ምርኣይ ክእለት የብሎምን።

...ሓደ ድምጺ ይመጽእ ድዩ ይኸይድ ዘሎ ክፈልጡ ኣይክእሉን ኢዮም።

...ከምቲ እኹላት ዝገብርዎ ብልዕሊ መካይን ኣሕሊፎም ክርእዩ ኣይኽእሉን ኢዮም። ብተወሳኺ ደቀቕትን ኣብ ትራፊክ ክትርእዮም ኣሸገርትን ኢዮም።

...ንጸወታኦም ናብቲ ጽርግያ ውን ሒዞሞ ይመጹ።

...ከምቲ ናይ እኹላት ሰባት፡ ፍጥነት  ወይ ናብ መካይን ዘለዎም ርሕቀት ክግምግሙ ኣይክሉን ኢዮም።

...ብዙሕ ነገራት ብሓንሳብ ክገብሩ ኣይክእሉን ኢዮም - ኣብ ሓንቲ ግዜ ሓደ ነገር ጥራይ ይገብሩ።

...ዕድሜኦም 10-11 ዓመት ቅድሚ ምብጽሑ ኣብ ምሉእ ብምሉእ ዝቕመ ረቂቕ ሓሳብ ንክሳተፉ ዓቕሚ የብሎምን።



# ህጻን ኣብ መኪና

**እታ መኪናን እቲ ናይታ መኪና ናይ ድሕነት መሳርሒታት - ማለት መቐነት፡ ከረጺት- ኣየርን ኮፍ መበሊታትን - ንናይ እኹላት ሰባት ኣካላት ተባሂሎም ዝተነድፉን ዝተመጠኑን ኢዮም።**

ህጻናት ካብ እኹላት ሰባት ዝያዳ ዝደቐቑን ኣሰራርዓ ኣካላቶም ውን ካብቲ ናይ እኹላት ሰባት ዝተፈልየን ኢዩ። እዚ ማለት ድማ ህጻናት ኣብ ግዜ ግጭት ንሓደጋ ዝያዳ ዝተቓልዑ ኢዮም ፍሉይ ምክንኻን ድማ የድልዮም ኢዩ ማለት ኢዩ።

ኣብ ስዊድንዝኾነ ኣብ መኪና ብቕድሚትን ብድሕሪትን ዘሎ ሰብ መቐነት ክገብር ኣለዎ ዝብል ሕጊ ኣሎ። ቁመቶም ትሕቲ 135 ሴሜ ዝኾኑ ህጻናት ድማ ፍሉይ ቅናት ድሕነት ክጥቀሙ ኣለዎም፡ ማለት ናይ ህጻን ኮፍ መበሊ፡ ቅናት ድሕነት ህጻን ወይ ድማ ክብ  ኮፍ መበሊ ወይ ክብ መበሊ ጉዝጓዝ ክጥቀሙ ኣለዎም።

እቲ ቅናት ድሕነት ናይ E-ፍቓድ ምልክት ወይ ሓደ ናይ i-መጠን ፍቓድ ክህልዎ ኣለዎ። እቲ ቅናት ድሕነት ናይ ብቕዓት-ፍቓድ ዝተዋህቦን ነቲ ህጻን ምቹእን ክኸውን ኣለዎ፡ ብከምቲ ዝተሰርሓሉ ዕላማ ክግጠምን ኣብ ጥቕሚ ክውዕልን ድማ ኣለዎ። ትሕቲ 15 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት መቐነት ከምኡ ውን/ወይ ካልእ ቅናት ድሕነት ከም ዝጥቀሙ ምርግጋጽ ናይቲ መራሕ መኪና ሓላፍነት ኢዩ።

ህጻናት ዕድሚኦም 10-12 ክሳብ ዝበጽሑ ክብ ኮፍ መበሊ ወይ ክብ መበሊ ጉዝጓዝ ክጥቀሙ ልዑል ኣገዳስነት ኣለዎ። እቲ ህጻን ኣብ ናይ ጉብዝና ዕድመ ክሳብ ዘይበጽሐ፡ ኣካላቱ ነቲ መቐነት ኣብ ቦትኡ ምስ ሰለፉ ጌሩ ከም ዝሕዝ ኮይኑ ኣይምዕብልን ኢዩ።





እቲ ክብ ኮፍ መበሊ ወይ ክብ መበሊ ጉዝጓዝ ነቲ ናይታ መኪና ስለስተ ነጥባዊ መቐነት ምስቲ ናይቲ ህጻን ኣካላት ከም ዝሰማማዕ ይገብሮ። እቲ መቐነት ኣብ ክልዕ ቦትኡ ከም ዝተኣሰረ ኣረጋግጹ - ናብ ክሳድ ቀሪቡ፣ ብሓኸለ ቆሪጹ፣ ኣብ ታሕቲ ድማ ብሰለፍ ይሓልፍ (ብኩብዲ ክኸውን የብሉን)። እቲ መቐነት ብኩብዲ ሓሊፉ እንተተኣሲሩ፣ እቲ ህጻን ኣብ እዋን ሓደጋ ውሽጣዊ ማህሰይቲ ኪጋጥሞ ተኽእሎታት ኣሎ። እቲ መቐነት ናብ ኣካላት ቀሪቡ እንተተኣሲሩ እቲ ዝህቦ ውሕስነት ድማ ዝሓሸ ይኸውን።

**ክብ ኮፍ መበሊ/ክብ መበሊ ጉዝጓዝ፧**

እቲ ኣብ መንጎ ክብ ኮፍ መበሊን ክብ መበሊ ጉዝጓዝን ዘሎ ቀንዲ ፍልልይ ካብቲ ናይቲ ክብ ኮፍ መበሊ መዕረፍ ሕቖ ኢዩ ዝብገስ። እቲ ህጻን ኣብ ሓደ መዕረፊ ርእሲ ዘይብሉ ኮፍ መበሊ ኮፍ ኢሉ እንተልዩ፣ እቲ ክብ ኮፍ መበሊ ዝሓሸ ምርጫኹም ኢዩ። እቲ ህጻን ምሉእ ብምሉእ ኮፍ ኢሉ እንተልዩን እቲ መቐነት ድማ ብግቡእ ገጢሙ እንተልዩን ክልቲኦም ቅናታት ድሕነት ማዕረ ድሕነት ይህቡ። እቲ ክብ ኮፍ መበሊ ውላድኩም ኣብ ዝድቅሰሉ ነዊሕ ጉዕዞታት ዝሓሸ ኢዩ፣ ምኽንያቱ ነቲ ስያፍ ቅናት ብግቡእ ይመርሖን ነቲ ህጻን ድማ ትኽ ከም ዝብል ይገብሮን። በቲ ካልእ መዳይ፣ እቲ ህጻን በቲ ናይቲ ክብ ኮፍ መበሊ ጥርዝታት ሓሊፉ ንክርኢ ናብ ቅድሚት ገጹ ይቖንን እንተኾይኑ፣ እቲ ክብ ኮፍ መበሊ ዝተሓተ ድሕነት ይህልዎ። እቲ ህጻን ሕቖኡ ኣብቲ ናይ ሕቖ መዕረፊ ብምጽጋዕ ኮፍ ክብልንን እቲ መቐነት ድማ ብኣካላቱ ሰጢሙ ክሓልፍን ኣለዎ።

ሓደስቲ ድሕሪ ለካቲት 2017 ፍቓድ ዝረኸቡ ክብ መበሊ ጉዝጓዛት፣ ካብ 125 ሴሜ ንላዕሊ ቁመት ዘለዎም ህጻናት ጥራይ ኢዮም ክጥቀሙሎም ዝኽእሉ። እንተኾነ ግን፣ ናይ ቀደም ጉዝጓዛት ንካብዚ ዝሓጸሩ ህጻናት ይፍቀዱ ኢዮም።

**ከረጺት-ኣየር**

እቲ ናይ ተጓዓዚ ከረጺት-ኣየር ብቐንዱ ንእኹላት ሰባት ተባሂሉ ዝተነድፈ ኢዩ። እቲ ናይ ተጓዓዚት ኮፍ መበሊ ቁመቶም ካብ 140 ሴሜ ዝሓጽሩ ህጻናት ይጥቀሙሉ እንተልዮም፣ በቲ ኣፍራዪ ዝተዋህበ ካልእ ምኽርታት እንተዘየልዩ፣ እቲ ከረጺት-ኣየር ከም ዘይሰርሕ ክግበር ኣለዎ። እቲ ከረጺት ኣየር ንድሕሪት ገጾም ኣብ ዝጥምቱ ህጻናት ኩሉ ግዜ ከም ዘይሰርሕ ክግበር ኣለዎ። ናይ ጎድኒ ከረጺት-ኣየር ንድሕሪት ወይ ንቕድሚት ገጹ ኣብ ዝጥምት ቅናት ድሕነት ህጻን ኮፍ ኢሎም ንዘለዉ ህጻናት ዝኾነ ጸገም ኣየምጽሉምን ኢዩ።

እቲ ከረጺት-ኣየር ብሓደ ፍቓድ ዘለዎ ጋራጅ ወይ ነቲ ኣብ መፍትሕ ዝተመርኮሰ ናይ ከረጺት-ኣየር መደስከሊ ዕማም ብምጥቃም ከም ዘይሰርሕ እንተተገይሩ፣ እቲ ናይ ቅድሚት ናይ ተጓዓዚ ኮፍ መበሊ ንኣብ ኩሉ ዕድመ ዘለዉ ህጻናት ጽቡቕ ቦታ ኢዩ።



# መጓዓዝያ ቤት ትምህርቲ

**መዓልታዊ ብዙሓት ህጻናት ብናይ ቤት ትምህርቲ መጓዓዝያ ጌሮም ናብ ቤት ትምህርቲ ይኸዱ፡ እዚ ብሰንኪ እቲ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ነዊሕ ርሕቀትን፡ ወይ ድማ ኣብቲ መንገዲ ናይ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ዘይውሑስ ኩነታት ትራፊክ ኢዩ። ህጻናት ብቑዓት መራሕቲ መካይን፡ ውሑሳት ተሽከርከርቲ፡ ውሑስ መዓርፎ ኣውተቡስን ካብቲ ናይ መጓዓዝያ ቤት ትምህርቲ መዕረፊታት ድማ ውሑስ መንገድታት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።**

ናይ ቤት ትምህርቲ መጓዓዝያ ምውሳድ ምስ ኣከባቢ ዝሳነን ውሑስን ኢዩ። ከም ወላዲ መጠን፡ ካብን ናብን እቲ መዓርፎ ኣውተቡስ ዘሎ መንገዲ፡ ኣብ ከባቢ እቲ መዓርፎ ኣውተቡስ ከምኡ ውን ኣብቲ መጓዓዝያ ናይ ቤት ትምህርቲ ንባዕሉ ንዘሎ ናይ ድሕነት ኩነታት ከመይ ምዃኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ ኢዩ። ብሕጊ መሰረት፡ ቤት ትምህርቲ መጓዓዝያ ዘገልግላ ተሽከርከርቲ ከምኡ ምዃነን መለለዪ ዝኸውን ምልክት ወይ ተመሳሳሊ ነገር ክህልወን ኣለዎ። ብዘይካዚ እቲ ኣብ ጸጋማይ ወገን ናይታ ተሽከርካሪት ዘሎ መዓጹ ክኽፈት ዘይክእል ክኸውን ኣለዎ።

ብዙሓት ህጻናት ናብ ቤት ትምህርቲ ብኣውተቡስ ይኸዱ፡ እታ ኣውተቡስ ከም መጓዓዝያ ናይ ቤት ትምህርቲ ከተገልግል ዝተሓዝአት ወይ ድማ ተራ ህዝባዊት ኣውተቡስ ክትከውን ትኽእል። ተሳፈርቲ ነቲ ኣብታ ኣውተቡስ ዘሎ ናይ ድሕነት መሳርሒ፡ ማለት መቐነት፡ ክጥቀሙሉ ኣለዎም። ብሕጊ መሰረት ዝኾነ ልዕሊ ሰለስተ ዓመት ዝዕድሚኡ ሰብ መቐነት ኣብ ዘለዎ ኮፍ መበሊ ኮፍ ኣብ ዝበለሉ ነቲ መቐነት ክጥቀመሉ ኣለዎ። እቲ መራሕ መኪና ነቶም ተሳፈርቲ መቐነት ክጥቀሙ ግዴታ ከም ዘለዎም ክሕብሮም ኣለዉ።

እቶም ትሕቲ 15 ዓመት ዝዕድሚኦም ተሳፈርቲ መቐነት ከም ዝተጠቀሙ ምርግጋጽ ሓላፍነት ናይቲ መራሕ መኪና ኢዩ።

## ከምወላዲ መጠን ክትሓስቡሉ ዘለኩም ኣገዳሲ ነገራት

- እቶምህጻናትኣብዝድዩቡሉንዝወርዱሉንመዕረፊኣውተቡስዘሎኩነታትእንታይኢዩ፧ጽርግያክሳገሩኣለዎም ‘ዶ፧
- እቶምህጻናትኣብዝጽበዩሉፍጥነትናይቲትራፊክክንደይኢዩ፧
- ኩሎምህጻናትመቐነትዘለዎኮፍመበሊታት ‘ዶኣለዎም፧
- እቶምዝነኣሱህጻናትኮፍዝብልሉክብመበሊጉዝጋዝኣለዎም ‘ዶ፧
- እቲህጻንኣብታኣውተቡስነቲቅናትድሕነትይጥቀመሉ ‘ዶ፧እቲመራሒንክጥቀሙየዘክሮም ‘ዶ፧
- እቲመራሕመኪናግቡእፍጥነት ‘ዶይዕቅብ፧
- እቲመጓዓዝያቤትትምህርቲዓቐንኣልኮልዝፍትሽመበገሲመፍትሕ ‘ዶኣለዎ፧


HÅBO BU
CND 573


# ምዝዋር ብሽክለታ

**ምዝዋር ብሽክለታ ብዝተፈላለየ መዳያት ነቲ ህጻን ንባዕሉን ነቲ ሕብረተሰብ ድማ ብዓቢኡን ጽቡቕ ነገር ኢዩ፡ እንተኾነ ግን እቲ ናይ ትራፊክ ኣከባቢ ብተደጋጋሚ ንህጻናት - ከምኡ ውን ንእኹላት ዘወርቲ ብሽክለታ - ብዙሕ ምቝእነት ዝየብሉ ኢዩ።**

ትሕቲ 12 ዓመት ዕድመ ዝለዎም ህጻናት ነቲ ኣብ ዝተሓላለኸ ናይ ትራፊክ ኣከባቢታት ናይ ምዝዋር መሰረታዊ ጠለባት ኣየማልእዎን ኢዮም። ኣብ ሓደ ማእከላይ ትራፊክ ዘለዎ ኣከባቢ፡ እቲ ህጻን 7-8 ዓመት ዕድመ ምስገበረ ሓደ ወላዲ ወይ ካልእ እኹል ሰብ ነቲ ህጻን ብብሽክለታ ናብ ቤት ትምህርቲ ከሰንዮ ይኽእል ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ኣብ መሳገሪ ጽርግያታት ካብ ብሽክለታኹም ወሪድኩም ብእግርኹም ክትሓልፍዎ ክትውስኑ ኣለኩም። ኣብ ሓደ ብዙሕ ትራፊክ ዘለዎ ኣከባቢ ብሽክለታ ንምዝዋር፡ ገለ ቁሩብ ዓመታት ክትጽበዩ ኣለኩም።


ብሽክለታ ከም ተሽከርካሪት ኢያ ትሕሰብ። ብሕጊ መሰረት፡ እታ ብሽክለታ ቃጭልን ልጓምን ክህልዋ ኣለዎ። ኣብ ቅድሚትን ኣብ ድሕሪትን ውን መብራህቲ ክህልዋ ኣለዎ፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ነታ ብሽክለታ ኣብ ግዜ ጸልማት ተገልግል እንተኾይና ብቕድሚትን ብድሕሪትን ከምኡ ውን ኣብ ጎድኒ ናይቲ መንኮርኮር ኣንጸባራቒ ክህልዋ ኣለዎ።

ምልክት ዝተገብረሉ (ካብ ስርቂ ንምክልኻል) መፍትሕን ሰንሰለትን ምግባርን ውን ጽቡቕ ሓሳብ ኢዩ። ውላድኩም ክሳብ ዝተኻእለ ናይ እግሪ ልጓም ዘለዋ ብሽክለታ ክጥቀም ውን ጽቡቕ ሓሳብ ኢዩ። እታ ቀዳመይቲ ናይ ኢድ ልጓም ዘለዋ ብሽክለታ ክትገዝኡ እንከለኹም፡ እቲ ኣብቲ መጥወዪ (ማኖብርዮ) ዘሎ መትሓዚ ልጓም ምስቲ ናይቲ ህጻን ኢድ ተመጣጣኒ ከኸውን ኣገዳሲ ኢዩ። ሓያሎ ማርሻታት ዘለዋ ብሽክለታ ንምግዛእ እቲ ህጻን ኣብ ዓሰርተ ዓመት ድሕሪ ምምልኡ ሓያሎ ዓመታት ክሳብ ዝገብር ተጸበዩ።



**ቁራዕ ርእሲ ብሽክለታ**

ርእሲ ኣዝዩ ተኣፋፊ ኢዩ፡ ወላ ፈኪስ ጎንጺ ድማ መጉዳእቲ ሓንጎል ከስዕብ ይኽእል ኢዩ። ናይ ሽከና ርእሲ መጉዳእቲ እቶም ኣዝዮም ከበድቲ ዓይነት ማህሰይቲ ኢዮም፡ ብቐንዱ ድማ ነቶም ቁራዕ ርእሲ ዘይጥቀሙ ዘወርቲ ብሽክለታ ይጸልውዎም።



ብሕጊ መሰረት፡ ኩሎም ህጻናትን ትሕቲ 15 ዝዕድሜኦም ነኣሽቱ ሰባትን ብሽክለታ ክዝውሩ እንከለዉ ወይ ብብሽክለታ ክጓዓዙ እንከለዉ ቁራዕ ርእሲ ክወድዩይግደዱ። ኩሉ ሰብ ዕድሜኡ ብዘየገድስ ብሽክለታ ክዝውር እንከሎ ቁራዕ ርእሲ ክለብስ ከም ዘለዎ ፍሉጥ ኢዩ።

ናይ ብሽክለታ ቁራዕ ርእሲ ኣስታት 10 ዓመት ናይ ኣገልግሎት ግዜ ኣለዎ፡ እዚ ግን ናብ ሓደ ከቢድ ረጽሚ ኣይተቓልዐን እንተኾይኑ ኢዩ። ናብ ሓደ ከቢድ ረጽሚ እንተተቓሊዑ ብቕልጡፍ ክትካእ ኣለዎ። ንውላድኩም መጠኑ ቁራዕ ርእሲ ግዝኡሉ፡ ቀስ ኢሉ ንክኣኽሎ ዝዓብዮ ቁራዕ ርእሲ ክትገዝኡ የብልኩምን።

ኣብ ናይ ብሽክለታ ሓደጋታት ካብ ዘጋጥሙ ናይ ርእሲ ማህረምትታት እቶም ዝበዝሑ ኣብ ግንባርን ኣብ መትልሕን ዘጋጥም ረጽሚ ኢዩ። ስለዚ፡ እቲ ቁራዕ ርእሲ ትኽ ኢሉ ኮፍ ክብል፡ ነቲ ርእሲ ቀጥ ኢሉ ክኣኽሎ፡ ከምኡ ውን ንግንባር፡ ንድሕሪት ርእሲን ንዝባን ርእስን ዝሽፍን ክኸውን ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ። እቲ ቁራዕ ርእሲ ምልክት CE ከም ዘለዎ ኣረጋግጹ።

**ኣብ ሓደ ናይ ሓባር መንገዲ ኣጋር/ብሽክለታ ተጓዓዝቲ ኣጋር በየን ክኸዱ ኣለዎም ዘወርቲ ብሽክለታ ‘ከ ኣበይ ክዝውሩ ኣለዎም፧**

ኣብ ሓደ ናይ ሓባር መንገዲ ኣጋር/ብሽክለታ ተጓዓዝቲ ኣጋር ብዝተኻእለ መጠን ብጸጋማይ ወገን ናይቲ ዝጓዓዙሉ ዘለዉ ኣንፈት ክጓዓዙ ኣለዎም፡ እዚ ምእንቲ ምስ ናብኦም ገጾም ዝጓዓዙ ዘለዎም ሰብ ብሽክለታ ንክረኣኣዩ ኢዩ። እዚ ሕጊ እዚ ኣብ ሓደ ኣብ 2018 ክጸድቕ ዝኽእል ሕጊ ተነዲፉ ኣሎ። ናይ ስዊድን ናይ ትራፊክ ጽርግያ ሕግታት ኣብ ገምገም ጽርግያ ወይ ኣብ ጽርግያ ዝጓዓዙ ዘለዉ ተጓዓዝቲ ኣጋር ኣብቲ ዝጓዓዙሉ ዘለዉ ኣንፈት ኣብቲ ጸጋማይ ጫፍ ክጓዓዙ ከም ዘለዎም ይሕብር።

ዘወርቲ ብሽክለታ ኣብቲ ዝጓዓዙሉ ዘለዉ ኣንፈት የማናይ ወገን ክሕዙ ኣለዎም።



# ብእግሪ ምኻድ

**ዝያዳ እንዳበዝሑ ዝኸዱ ህጻናት፡ ብፍላይ ድማ ነኣሽቱ ህጻናት፡ ብመኪና ናብ ቤት ምትህርቲ ይውስሰዱ ኣለዉ። ንህጻናት ናብ ቤት ትምህርቲ ብመኪና ምውሳድ ኣብ ከባቢ እቲ ቤት ትምህርቲ ዝያዳ ትራፊክ ይፈጥር፡ ንወለዲ ድማ ነቲ ብዛዕባ ድሕነትን ውሕስነት ዘለዎም ስክፍታታት የጋድዶ።**

ህጻናት ምስቲ ስፖርት ኣብ ምጽዋት ዘጥፍእዎ ግዜ ምጉዳሉ ወሲኸካ፡ እዚ ካብን ናብን ቤት ትምህርቲ ዝግበር ምንቅስቓስ ምጉዳሉ፡ ብዙሓት ህጻናት ልዕሊ ሚዛን ከም ዝኮኑን ገለ ገለ ድማ ሓደገኛ ምኽራሽ ከም ዝህልዎምን ጌሩ ኢዩ። ወላ’ኳ ንህጻናት ናብ ቤት ትምህርቲ ብመኪና ምውሳድ ካብ ሰናይ ድሌት ዝተበገሰ እንተኾነ፡ ናብ ሓደ ሓደ ክፉእ ዓንኬል ከምርሕ ይኽእል ኢዩ። ወለዲ ደቆም ብናይ ካልኦት ህጻናት ወለዲ ንከይርገጹ ንደቆም ብመኪና ጌሮም ናብ ቤት ትምህርቲ ይወስድዎም፡ ግን ከምኡ ክገብሩ እንከለዉ ኣብቲ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ዝኸበደ ትራፊክን ዘይውሑስ ኣከባቢ ኣብ ምፍጣርን ተራ ይጻወቱ።

**ኣውተቡስ ቤት ትምህርቲ ብእግሪ**
ዝያዳ ወለዲ ምስደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ ብእግሪ ከም ዝኸዱ ንምግባር ዝቐለለ መንገዲ ኣውተቡስ ቤት ትምህርቲ ብእግሪ ዝበሃል ምጅማር ኢዩ። ገለ ውሑዳት ኣብቲ መንገዲ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣብ ጥቓ ጥቃ ዝነብሩ ስድራቤታት፡ በብተራ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ብእግሮም ብምኻድ ነቶም ህጻናት ይወስድዎም። ብኸምዚ መንገዲ እቶም ህጻናት ኩሉ ግዜ ምስ ሓደ እኹል ሰብ ብእግሮም ይኸዱ፡ ነቶም ህጻናት ዝወስዶም መን ምዃኑ ንምውሳን ድማ ተራ ከተውጹሉ ትኽእሉ።

**ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ኣከባቢ ትራፊክ ጠለባት ኣቕርቡ**
ብዛዕባ ናይትራፊክ ኣከባቢ እንታይ ከተመሓይሹ ከም እትደልዩ ንምምይያጥ፡ ምስ ጎረባብትኹም ወይ ድማ ምስ ወለዲ ናይ መማህርቲ ደቕኹም ተዘራረቡ። ኣብ ነገራት ዘለኩም ኣረኣእያን ምንዮትን በበይኑ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ነቲ ናይ ትራፊክ ኣከባቢ ንኹሉ ሰብ ብኸመይ ከተመሓይሽዎ ከም እትኽእሉ ተመያየጡ።

- ሓቢርኩም በቲ መንገዲ ተጓዓዙ እቲ ናይ ትራፊክ ኣከባቢ ብኸመይ ከም ዝሰርሕ ድማ ተመያየጡ። እንታይ ከተመሓይሹ ከም እትደልዩ መዝግቡ፡ ስኣሉን ስእሊ ውሰዱን። ነቶም ህጻናት ኣብቲ ውሳነኹም ከተእትውዎም ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ። ናይ ገዛእ ርእሶም ኣዝዩ ኣገዳሲ ርእይቶታት ከበርክቱ ይኽእሉ ኢዮም፡ እዚ ብዛዕባ ኣብቲ ናይ ትራፊክ ኣከባቢ እንታይ ተቐይሩ ክርእዩ ከም ዝደልዩን፡ ነየናይ ከም ዘይሰሓቢ ከም ዝርእይዎን ዝገልጽ ክኸውን ይኽእል።
- ናይቲ ጽርግያ ሓላፍነት ዝስከም መን ምዃኑ ፍለጡ። ምሕደራ መጓዓዝያ ስዊድን፡ እቲ ምምሕዳር፡ እቲ ዋና መሬት፡ እቲ ማሕበር ኣባይቲ ወይ እቲ ማሕበረኮም ክኸውን ይኽእል ኢዩ።
- ርእይቶታትኩም ዝገልጽ ክፉት ደብዳበ ኣዳልዉ። ናብቲ ሓላፍነት ናይቲ ጽርግያ ዝስከም ኣካል ስደድዎ። ደብዳበኹም ናብቲ ዝግብኦ ሰብ ከም ዝበጽሐ ተኸታተሉን ኣረጋግጹን፡ እቲ ነገር መዓስ ኣተኩሮ ከም ዝረክብ ድማ ፍለጡ።




## ኣንጸባራቒ


ኣንጸባራቒ ምልባስ ሰባት ንኽርኢኹም ቀሊል ይገብሮ፡ ሓደጋ ከጋጥም ንዘሎ ተኽእሎ ድማ ይቕንሶ። ኣንጸባረቕቲ ንጸልማት ናይ ሃገረሰብ ጽርግያታት ጥራይ ኣይኮኑን ዝጠቕሙ። ወላ'ኳ ናይ ጎደና መብራህትታትን እንተሎ ኣብ ናይ ከተማ ትራፊክ ኣንጸባረቕቲ ምልባስ ኣገዳሲ ኢዩ። መብዛሕቲኦም ኣብ ልዕሊ ኣጋር ዘጋጥሙ ሓደጋታት ኣብ ናይ ጎደና መብራህቲ ዘለዎም ናይ ከተማ ከባቢታት የጋጥሙ። ሓደ ናይዚ ምኽንያት ክኸውን ዝኽእል ብዙሓት ኣጋር፡ ኣብ ውሽጢ መኪና ኴንካ ክረኣዩ ዘይክእሉ እንከለዉ፡ ዝረኣዩ ዘለዉ ስለ ዝመስሎም ኢዩ።ሓደ ጽቡቕ ኣንጸባራቒ ጨራ ናይቲ መብራህቲ ቅድሚት ምስሃረሞ ኣብ ጸልማት ወይ ኣብ ትሑት ትርኢት ዘለዎ ኩነታት ይረአ ኢዩ። እቲ ኣንጸባራቒ ነቲ ዝሃረሞ ብርቱዕ ብርሃን የንጸባርቖ። እቲ ኣንጸባራቒ በቲ ጨራ ናይቲ መብራህቲ ቅድሚት ምእንቲ ክህረም ኣብ ታሕቲ ልበስዎ።

እቶም ኣንጸባረቕቲ ካብ ዝተፈላለየ ኣንፈታት ውን ክረኣዩ ዝኽእሉ ክኾኑ ኣለዎም። ጸሊም ክዳውንቲ ለቢስኩም እንተሊኹም ናይ ቀረባ መብራህቲ ዝጥቀም ዘሎ መራሒ መኪና ኣብ 20 ክሳብ 30 ሜትሮ ኣብ ዘሎ ርሕቀት ክርእየኩም ኢዩ። ብርህ ዝበለ ሕብሪ ዘለዎ ክዳውንቲ ለቢስኩም እንተሌኹም ግና ኣብ ናይ 60 ሜትሮ ርሕቀት ክርእየኩም ኢዩ። ኣንጸባራቒ ለቢሱ ዘሎ ሰብ ግን ካብ 125 ሜትሮ ክረአ ይኽእል።

ብዙሕ ናይ ህጻናት ክዳውንቲ ኣብቲ ምስቲ ጨርቂ ዝተሰፈየ ኣንጸባራቒ ዘለዎ ኮይኑ ይመጽእ። እዚ ድሕሪ ብዙሕ ምሕጻብ እቲ ኣንጸባራቒ ነገር ከም ዝኣርግን እቲ ናይ ምንጽብራቕ ባህርያቱ ከም ዝጎድል ኣይትረስዑ። ወላ ውን ኣብ ናይ ጃኬት ጁባ ዝቕመጡ ኣንጸባረቕቲ ምስ ግዜ ኣንጸባራቕነቶም ይጎድል ኢዩ፡ እዚ መብዛሕቲኡ ግዜ ብሰንኪ ዝፍሕፍሕዎም መፋትሕን ካልኦት ነገራትን ኢዩ። ስለዚ ኢዩ ድማ ነቶም ኣንጸባረቕቲ ብስሩዕ ክትቅይርዎም ዘለኩም።





# ዝዝወሩ መጻወቲን ሆቨርቦርድታትን

**ዝዝወሩ መጻወቲ**

ዝዝወሩ መጻወቲ፡ ብልዕሊ 6 ኪሜ/ሰ (ናይ ምኻድ ፍጥነት) ክዝወሩ ዘይክእሉ ወይ ዘይብሎም ተሽከርከርቲ ተባሂሎም ይግለጹ።

እታ ተሽከርካሪት ሞተር እንተልዩዋ ናይ ኤሌክትሪክ ሞተር ክኸውን ኣለዎ። ዝዝወር መጻወቲ ክሳብ 14 ንዝዕድሚኦም ህጻናት ዝዓለመ ኢዩ። ኣብ ደገ ካብ ዘገልግሉ ዝዝወሩ መጻወቲታት እቶም ቀንዲ ልሙዳት ላምብሬታን (scooter) መንሻተቲ-ሰሌዳን (skateboard) ኢዮም።

ሓደ ዝዝወር መጻወቲ ዝጥቀም ዘሎ ህጻን ልክዕ ከም ናይ ሓደ ኣብ ትራፊክ ዝኸይድ ዘሎ ኣጋር ግዴታታት ኣለዎ፡ እዚ ማለት ኣብቲ መገዲ ኣጋር፡ ወይ ድማ መንገዲ ኣጋር እንተዘየለ ኣብቲ ጸጋማይ ወገን ናይቲ ጽርግያ ክኸኑ ኣለዎም ማለት ኢዩ። ስለዚ፡ ሓደ ዝዝወር መጻወቲ ዝጥቀም ዘሎ ህጻን ብሓደ እኹል ሰብ ክሕሎ ኣለዎ።

እቶም ንብእግሪ ምኻድ ዘገልግሉ ሕግታት ኣብቶም መንኮርኮር ዘለዎ ጫማ ወይ ንዕኡ ዝመስል ዝጥቀሙ ሰባት ውን ይሰርሑ። እንተኾነ ግን ሓደ ብልዕሊ ናይ እግሪ ምኻድ ፍጥነት ዝጓዓዝ ዘሎ ሰብ፡ ከምኡ ምግባር ምቹእ ኣብ ዝኾነሉ ኣብ የማናይ ወገን ናይቲ ጽርግያ ክጓዓዝ ኣለዎ። ሓንቲ ብልዕሊ 6 ኪሜ/ሰ ክኸይዳ ዝኽእል ሞተር ዝተገጥመላ ላምብሬታ እትዝወር መጻወቲት ኣይኮነትን፡ ንህጻናት ውን ምችእቲ ኣይኮነትን።

**ሆቨርቦርድ (Hoverboard)**

ሆቨርቦርድ ባዕላ ሚዛና ትሕሉ ክልተ መንኮርኮርን ሞተር ኤሌክትሪክን ዘለዋ ሰሌዳ ኢያ። እታ ሰሌዳ ንሓደ መንሻተቲ-ሰሌዳ (skateboard) ትመሳሰል ኮይና፡ እቲ ነዊሕ ጎድና ናብ ቅድሚት ገጹ እንዳጠመተ ኢያ ግን እትዝወር። ዝለዓለ ፍጥነታ ናብ 20 ኪሜ/ሰ ዝተደረተ ኢዩ።

ሆቨርቦርድ ከም ብሽክለታ ኢያ ትኽፈል፡ እዚ ማለት ድማ በቲ ናይ ልሙዳት ብሽክለታት ናይ ትራፊክ ሕግታት ትምእዘዝ ማለት ኢዩ። ንኣብነት፡ ልጓምን ቃጭል (ነቲ ቃጭል ኣብ ኢድካ ክትሕዞ ጸገም የብሉን) ዘለዋ ኮይና ክትመጽእ ኣለዋ። ሓንቲ ሆቨርቦርድ ናይ ብሽክለታ መንገዲ ኣብ ዘለወሉ ኣብኡ ክትዝወር ኣለዋ፡ እንተዘይልዩ ድማ ኣብቲ ገምገም ጽርግያ ክትዝወር ኣለዋ። ትሕቲ 15 ዝዕድሚኦም ህጻናት ቁራዕ-ርእሲ ክወድዩ ኣለዎም።

ልዕሊ 20 ኪሜ/ሰ ክትከይድ እትኽእል ሆቨርቦርድ ኣብ ትሕቲ እቲ “ካልኦት ተሽከርከርቲ” ዝብል ኣርእስቲ ትኣቱ፡ እዚ ማለት ድማ ኣብ ትራፊክ ዘለዎ ክትዝወር የብላን ማለት ኢዩ።



ስእሊ: Shutterstock/ Dreams Come True's



# ንማሕበራትና ርኸብዎም

Blekinge: **blekinge.ntf.se**

Dalarna: **dalarna.ntf.se**

FyrBoDal: **fyrbodal.ntf.se**

Gotland: **gotland.ntf.se**

Gävleborg: **gavleborg.ntf.se**

Halland: **halland.ntf.se**

Jämtland: **jamtland.ntf.se**

Jönköping: **jonkoping.ntf.se**

Kalmar: **kalmar.ntf.se**

Kronoberg: **kronoberg.ntf.se**

Norrbotten: **norrbotten.ntf.se**

Skaraborg: **skaraborg.ntf.se**

Skåne: **skane.ntf.se**

Stockholm: **stockholm.ntf.se**

Sörmland: **sormland.ntf.se**

Uppsala: **uppsala.ntf.se**

Värmland: **varmland.ntf.se**

Väst: **vast.ntf.se**

Västerbotten: **vasterbotten.ntf.se**

Västernorrland: **vasternorrland.ntf.se**

Västmanland: **vastmanland.ntf.se**

Örebro: **orebro.ntf.se**

Östergötland: **ostergotland.ntf.se**

NTF

ውሑስ ትራፊክ